ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية للوحدة الإريترية

DEMOCRATIC FRONT FOR ERITREAN UNITY

# ቃል ሓዘን



ሎሚ ንግሆ ዕለት 06 ነሓሰ 2022 ዜና ዕረፍቲ ንፈትዎን ነኽብሮን ብጻይና ክቡር ገዲም ተቓላሳይ ሓርበኛ ኣለም ገብረሚካኤል (ፖሊስ) (ዕኮት) ምስ ሰማዕና መሪር ሓዘን ተሰሚዑና፣ ውፉይ ገዲም ተቓላሳይ ብጻይና ኣለም ገብረሚካኤል ካብ ጊዜ ንእስነቱ ጀሚሩ ኣቐዲሙ ኣብ ከተማታት ስዉር ተጋዳላይ ደሓርœውን ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ ንሙሉእ ነጻነት ኤርትራ ዝተቓለስን ምስ ብጾቱ ዓበይቲ ቅያታት ዝሰርሐን ዉፉይ ሓርበኛ ኢዩ ነይሩ።

ሓርብኛ ብጻይና ኣለም ገብረሚካኤል (ፖሊስ) (ዕኮት) ድሕሪ ተሓኤ ካብ ሜዳ ኤርትራ ምውጻኣ ብመንገዲ ሱዳን ኣቢሉ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምስ ኣተወ አውን አንተኾነ ደኺመ ከይበለ ቃልሱ ብምቕጻል ኣብ ተሓኤ ማእከላይ መሪሕነት (ሳግም) ናይ ሎሚ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ) ተሰሊፉ ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ ሓላፍነት ብደረጃ ማእከላይ መሪሕነት ኣባል ፈጻሚት ሽማግለን ሓላፊ ወጻኢ ጉዳያት ተመዲቡ ሰሪሑን ኣገልጊሉን ኢዩ፣ ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ከኣ ምስ ሓርበኛ በዓልቲ-ቤቱ ብጸይቲ ሂወት ገብረሚካኤል ንፍትሓውን ሓርነታውን ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ ብጉልበቱን ንዋቱን ብጽንዓትን ተወፋይነትን ክቃለስ ዝጸንሐ ጽኑዕ ብጻይ ኢዩ ነይሩ፣ ብጻይና ኣለም ገብረሚካኤል ብጽንዓት ዝተቓለሰሉ ዕላማታት ክዉን ንምግባር ብምሉእ ሕልናን ጻዕርን ኣብ መዕረፊኡ ንምብጻሕ ቃልስና ቀጻሊ ኢዩ፣ ሓርነታዊ ዓወት ህዝብታት ኤርትራ ከኣ ናይ ግድን ክዉን ክኸውን ኢዩ።

ንብጻይና ኣለም ገብረሚካኤል መንግስተ ሰማይ የዋርሶ! ንስድራ-ቤቱን ብጾቱን ፎተውቱን ከኣ ጽንዓት ይሃቦም! ኣሜን።

ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ)

06 ነሓሰ, 2022።